# ቃል ጸጋ

ታሕሳስ 2011 DECEMBER 2011 Kal Tsega 14 ሕታም ቍ.3

## ብሩኽ ልደትን፡ ሓጎስን፡ ሰላምን ዝመልኦ ሓዲሽ ዓመትን ይግበረልና።



ቃል ጸጋ ብሓልዮት ወንጌላዊት ሉተራዊት ቤት ክርስትያን ኤርትራውያን ሰሜን ኣመሪካ እትሕተም ርብዓዊት መጽሄት እያ።

Kal Tsega is published quarterly by the Eritrean Evangelical Lutheran Church In North America

### ትሕዝቶ።

1. ንህዝበይ ኣጸናንዑ! ኣጸናንዑ!
2. የሱስ፡ ግብሪ ድያብሎስ ምእንቲ ኬፍርስ ተጋህደ።
3. ትእምርቲ ብዛዕባ ልደት የሱስ
4. ክርስትያን ስድራቤት።
5. ምስዮናዊ ዕዮ ሃዋርያ ጳውሎስ።
6. መልስን ሕቶታትን ካብ መጽሓፍ ቅዱስ።

# ንህዝበይ ኣጸናንዑ! ኣጸናንዑ!
ቀሺ ዘርኢት ዮሃንስ

ሸውዓተ ሚእቲ ዓመት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ፡ ንጉስ ህዝቅያስ ኣብ እስራኤል ነጊሱ ኣብ ዝነበረሉ ዘበን፡ ኣብ ብርቱዕ ፍርሀን ራዕድን ከም ዝወደቐ ዛንታ ይነግር። ኣብ ትንቢት ኢሳይያስ ምዕራፍ 39 ንፍርሓቱ ምኽንያት ዝኾነ ነገር ብሓጺሩ የዘንቱ።

"መሮዳን-በላዳን፡ ወዲ በላዳን ንጉስ ባቢሎን፡ ንጉስ ህዝቅያስ ሓሚሙ ከም ዝሓወየ ሰሚዑ ነበረ እሞ፡ ደብዳቤን ገጽ በረኸትን ሰደደሉ። ንጉስ ህዝቅያስ ድማ ብኣታቶም ተሓጐሰ እሞ ነቲ ቤት መዝገቡ፡ ንብሩርን ወርቅን ቅዲትን ነቲ ኽቡር ዘይትታትን ንኹሉ ቤት መሳርያኡን ነቲ ኣብ መዝገቡ  ዝጸንሖ ኹሉን ኣርኣዮም። ኣብ ቤቱን ኣብ መንግስቱ ኹሉን ህዝቅያስ ዘየርኣዮም ሓንቲ እኳ ኣይተረፈትን … ሽዑ ነብዪ ኢሳይያስ ናብ ንጉስ ህዝቅያስ መጺኡ ከምዚ በሎ።" ንቓል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት  ስምዓዮ፡ እንሆ ነቲ ኣቦታትካ ክሳዕ ሎሚ ዝኣከብክዎ ኣብ ቤትካ ዘሎ ኹሉ፡ ሓንቲ እኳ ኽይተረፈት፡ ናብ ባቢሎን ዚውስዱለን መዓልትታት ኪመጻ እየን፡ ይብል እግዚኣብሄር። ነቶም ካባኻ ዚወጹ እትወልዶም ኣወዳትካ ኸኣ ኪወስድዎም እዮም እሞ፡ ኣብ ኣዳራሽ ንጉስ ባቢሎን ውሽጠ ሓሽከር ኪኾኑ እዮም። ህዝቅያስ ከኣ ንኢሳይያስ፡ እቲ እተዛረብካዮ ቓል እግዚኣብሄር ጽቡቕ እዩ በሎ። ደጊሙ ኸኣ፡ ብዘመነይሲ ሰላምን ደሓንን ደኣ ይኹውን፡ በለ።" ኢሳ፡ 39፡1-8።

ንጉስ ህዝቅያስ ኣብ ክንዲ ኣብቲ ንእስራኤል ዝደኾነ እግዚኣብሄር ዚጸንዕ ንቓሉን ትእዛዛቱን ከኣ ዚስዕብ፡ ኣብ ንጉስ ባቢሎን ተሰፋ ገበረ። ነቲ እግዚኣብሄር ምስ ህዝቡ ዝነበሮ ቃል-ኪዳን ከኣ ነጸጎ። እግዚኣብሄር ድማ ተቐጥዔ። ርግጽ ውዒሉ ሓዲሩ፡ እታ ዝዓለወት እስራኤል ንምርኮ ባቢሎን ከም እትኸይድ ኣብኡ ኸኣ ንባርነት ከም እተገልግል ትንቢት ምስ ተነግረ፡ ንጉስ ህዝቅያስን ሹማምንቱን ብርቱዕ ፍርሒ ሓደሮም። ቁጥዓ እግዚኣንሄር ፍርዲ ካብ ምሃብ ዘይተርፍ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ንእስራኤል ኪዳን ዝኣተወላ ኣምላኽ ግና፡ ንህዝቡ ካብ ምጽንናዕ ኣይቦኾረን። እስራኤል ነቲ ሓቀኛ ኣምላኽ ኪዳኖም ስለ ዝጠለሙ፡ ቅጽዓት ኪወርዶም ግድን ኰነ። እስራኤል ናብ ልቦም እንተ ተመሊሶም፡ ገጽ እግዚኣብሄር እንተደለዮምን ግና፡ መከራኦም ከም ዚሓልፍ የጸናንዖም። እምበኣር ኣብ ምዕራፍ 40፡1-11 እቲ ምጽንናዕ ከምዚ ዚስዕብ ምኽኡ ነንብብ።

"ንህዝበይ ኣጸናንዑ! ኣጸናንዑ! ይብል ኣምላኽኩም። ንልቢ የሩሳሌም ተዛረቡ፡ ጸበባኣ ከም እተፈጸመ፡ ኣበሳኣ ኸም እተሓድገላ፡ ስለ ኹሉ ሓጢኣታ ድማ ካብ ኢድ እግዚኣብሄር ካዕበት (ድርብ ምሕረት) ከም ዝረኸበት ኣውጁ፡" 40፡ 1-2።

"ንህዝበይ ኣጸናንዑ! ኣጸናንዑ! ዚብል ዓው ዝበለ ቓል፡ ነብዪ ኢሳይያስ ኣብ ቤት መቕደስ እግዚኣብሄር ቈይሙ ኸሎ ዝሰምዮን ዝረኣዮን እዩ። ንግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ መሰውኢያ ቤት መቕደስ ተቐሚጡ፡ ጭፍራ መላእኽቲን ቅዱሳንን ከኣ ኣብ ዙርያኡ ቈይሞም ንትእዛዙ ኪሰምዑን ኪቕበሉን ይርኢ። እቲ ብዓብዪ ድምጺ ንህዝበይ ኣጸናንዑ! ኢሉ ዚዛረብ ዝነበረ እግዚኣብሄር እዩ፡ እቶም ንትእዛዙ ሰሚዖም ንህዝቡ ኬጸናንዑ ዚልኣኹ ድማ ሰራዊት ሰማይ እዮም። ኣብዚ ኹነታት እዚ፡ እቶም ሰራዊት ሰማይ ነቲ ንህዝበይ ኣጸናንዑ! ዚብል ዓው ዝበለ ቃል እግዚኣብሄር ኬተግብሩ ጥራይ እምበር፡ ኣብ መንጐኦም ምዝርራብ ወይ ሕቶ ምቕራብ ኣይነበረን። ከምቲ ዳዊት ኣብ መዝሙር 104፡ 4 "ንንፋሳት ልኡኻትካ፡ ንሃልሃልታ ሓዊ ኣገልገልትኻ ገበርካዮም" ዝበሎ፡ ንትእዛዝ እግዚኣብሄር ብዘይ ገለ ሕቶ ምፍጻም ጥራይ እዩ። ስለዚ ኵሎም እቶም ነዚ ንህዝበይ ኣጸናንዑ! ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ዝሰምዑ፡ ንህዝቢ ንኬጸናንዑ ይጽውዑ።



ኣብዚ መልእኽቲ እዚ፡ እቲ ኣጸናንዑ! ዚብል ቃል ጥልቕ ኢልና እንተ መርመርና፡ ብቛንቋ እብራይስጢ ዝሓሸን ዝሓየለን ትርጉም ኣለዎ። ብቛንቋ ኣብራይስጢ "ናሁሙ" ወይ ከኣ "ናሑሙ" ማለት ኣጸናንዑ "ወይ ከኣ ተስፋ ኪገብሩ ግበርዎም" ማለት እዩ። ናሕሙ ትእዛዝ ኰይኑ ንሳልሳይ ኣካልን ብዙሓትን ዚንገር እዩ። ሱር ናይዚ "ናሕሙ" ወይ "ናሆሙ" ዚብል ግሲ ኸኣ፡ እቲ "ናሕ" ዚብል ስም እዩ። "ናሕ" ዚብል ስም ከኣ ምስቲ "ኒሕ" ዚብል ናይ ትግርኛ ቃል ሓደ እዩ።

እምበኣር፡ እግዚኣብሄር ነቶም ኣብ ዙርያኡ ዝነበሩ ሰራዊት ሰማይ "ናሕሙ" ወይ ከኣ "ናሆሙ" ኪብሎም ከሎ፡ ንህዝበይ "ኣጸናንዑ" ጥራይ ዘይኰነ፡ ነቲ ተስፋ ዝቖረጸ ህዝበይ "ኒሕ" ግበር በልዎ ማለቱ እዩ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ "ነህምያ" ከምኡ ኸኣ "ናሆም" ዝበሃሉ ኣስማት ኣለዉና፡ ነህምያ ማለት "የሆዋ ኒሔይ" ኪኸውን ከሎ፡ "ናሆም" ከኣ መጸናንዒ ወይ ኒሕ ዜግብረኒ መለት እዩ። ስለዚ ኣምላኽ ንሰራዊት ሰማይ ንህዝበይ "ናሆሙ" ወይ "ናሖሙ" ኪብሎም ከሎ፡ ከም ንሑዙናት ምስኦም ተደናገጹ፡ ወይ ኣልቅሱ፡ ብኸዩ፡ እንታይ ዝመሰለ ተረኺበ፡ በልዎም ኣይኰነን ዝብል ዘሎ። ኒሕ ግበሩ፡ ጽንዑ፡ ንዚገጥመኩም መከራ በድሁ ማለት እዩ። ልክዕ ከምቶም ደገፍቲ ተጻወቲ ኵዕሶ ዓው ኢሎም፡ ኣጆኹም እናበሉ ብዓቢ ድምጺ ንጋንታኦም ዘተባብዕዎም፡ ኣምላኽ ድማ፡ ነቶም ናብኡ ክምለሱን እምነቶም ንሱ ጥራይ ኪኸውን ዝደለዮም ተስፋ ዚቖረጹ ህዝቢ ዓው ኢሉ "ናሆሙ"፡ ጽንዑ፡ ኣጆኹም፡ ይብሎም።

ክቡር ኣንባቢ፡ ኣብ ዓለም ብዙሕ ተስፋ ዘቑርጽ ነገራት ኬጋጥመካ ዘይተርፍ ነገር እዩ። ኣብ ስድራ ቤትካ ዘሎካ ሽግር፡ ምስ መሳርሕትኻ ዘሎካ ሽግር፡ ጥዕና ብምስኣን ዘሎካ ሽግር፡ ዝጸዓርካሉን እተመነኻዮን ነገር ምስ ዘይሰልጠካ፡ ዘይሓሰብካዮ ነገር ኬጋጥመካ፡ ጽምዋ ኬጥቕዓካ፡ ስራሕ ምስኣንካ ወ.ዘ.ተ ኣብ ዓለም ክሳዕ ዘሎኻ ገለ ኻብቶም ውሓዳት ተስፋ ዘቑርጹኻ ነገራት እዮም። ኣብዚ ኸምዚ ዝበለ ኵነታት እንተሎኻ እምበኣር፡ ንበዓል ልደት መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ዘክር። ኣምላኽ ነቶም ናብ ምርኮ ባቢሎን ዝኸዱ ኪዳን ዝኣተወሎም ህዝቢ፡ ኪገንሖምን ኪምህሮምን ኣኳ ይኺዱ እንተሓደጐም፡ ንምጽንናዖም ግና ድሕር ኣይበለን። ብእኡ ተስፋ ኪገብሩ ናብኡ ኪምለሱን "መንፈሳዊ ኒሕ" ሂብዎም። ኣብ ፍቕዲ ክልተ፣ "ንልቢ የሩሳሌም (እስራኤል ማለት እዩ) ጸበባኣ ከም እተፈጸመ፡ ኣበሳኣ ኸም እተሓድገላ፡ ስለ ኹሉ ሓጢኣታ ድማ ካብ ኢድ እግዚኣብሄር ካዕበት (ዘይግብኣ ድርብ ምሕረት ወይ ጸጋ ምሕረት) ከም ዝረኸበት ኣወጁ ይብል።

ክቡር ኣንባቢ፡ ኣብዚ ጊዜ ልደት፡ እዚ ተስፋ'ዚ ንመንፈሳዊ ኒሕካ የንቅሖ ወይ ይቕስቅሰካ'ዶ ይኸውን? ካብቲ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ዘሎ ኵሉ ዜሕጕስ ፡ ዜብህግ፡ ዜህንጥየካ ነገራት፡ እቲ ንህዝቡ ዜጸናንዕ ኣምላኽና ዘዳለዎ ህያብ ምሕረት፡ ሕድገት ሓጢኣትን፡ ህይወት ዘልኣለምን'ዶ ምመረጽካ? እወ! ንሱ ይሕሸካ።

እምበኣር ሕጂውን፡ ኣምላኽ በቲ ምእንታይን ምእንታኻን ምእንቲ ኹላ ዓለምን በጃ ኪኸውን፡ ብሕስራን እተወልደ፡ ስጋ ሰብ ለቢሱ መከራናን ጾር ሓጢኣትናን ኣብ ዝባኑ እተቐበለ፡ መንፈሳዊ ኒሕ ሂቡና ኣሎ። ኣብ ቤትልሄም እተወልደ የሱስ ክርስቶስ፡ ንዘሎካ ጾር ሓጢኣትን፡ ተስፋ ዘቝርጸካ ነገራትን ካባኻ ኬርሕቕ፡ ካብ እግዚኣብሄር ኣቦ እተላእከልና "ናሑሙ" ወይ "ኒሕ" በዚ በዓል ልደት እዚ ተቐበሎ። ኣሜን።

# የሱስ፡ ግብሪ ድያብሎስ ምእንቲ ኬፍርስ ተጋህደ።

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንእኡ ዚኸውኖ ህዝቢ ንምግባር፡ ንኣቦና ኣብርሃም ካብ ኡር ምድሪ ከለዳውያን ጸውዖ። በቲ ካብኡ ዝመጸ ዘርኢ ድማ: መታን ሕግን ኣምልኾን ንኹሉ ኪምህር፡ ኣምላኽና በዚ ህዝቢ እዚ ዕዮኡ ጀመረ። እንተኾነ ግና እቲ ንፍሉይ ዕዮ እተጸውዐ ህዝቢ ከም መጠን ሕርየቱ ካብ ምኻን ዓለወ። ኣምላኽ ግና ንተግባር እቲ ህዝቢ ከይረኣየ፡ ብዓቢ ትዕግስቲ ንዝጀመሮ ዕዮኡ ብኣታቶም ኪዓዮ ፈተወ። እቲ ህዝቢ ግና ትዕግስቲ ኣምላኽ ዕሽሽ ብምባል ኣብ ምምላኽ ጣኦታት ኣተወ። ሕጂውን እንተኾነ ኣምላኽ ካብ መደቡ ኣይተዓግተን፡ ሓደ ወዱ የሱስ ክርስቶስ ናይ ምልኣኽ ተስፋኡ ኪፍጽም ፈተወ። የሱስ ቅድሚ ምውላዱ፡ ብዛዕባኡ ብዙሕ ትንቢት ተነጊሩ እዩ። ናይ ኢሳይያስ ጥራይ እኳ እንተጠቐስና፡ ቅድሚ ልደት የሱስ ክርስቶስ ቅድሚ 700 ዓመት ከምዚ ኢሉ ተነበየ፡ ""ሕጻን ተወሊዱልና፡ወዲ ተዋሂቡና እዩ እሞ፡ እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ መንኵቡ እዩ፡ ስሙውን ግሩም፡መካር፡ብርቱዕ ኣምላኽ፡ ኣቦ ዘለኣለም መስፍን ሰላም ኪስመ እዩ።" ኢሳ፡9፡-6

ምልኣት ዘመን ምስ ኣኸለ የሱስ ክርስቶስ ካብ ማርያም ድንግል ተወልደ። ቃል ኣምላኽ ብግሉጽን ንጹርን ኣበሃህላ ከም ዚገልጾ፡ የሱስ ክርስቶስ ካብ ኩሉ ዘርኢ ሰብ ብእተፈልየ መገዲ ካብ ድንግል ተወልደ። እዚ ድማ ብዘይ ስጋዊ ኣቦ እዩ። እዚ ነገር እዚ ንገለ ሰባት፡ ንምንታይ ኣድለየ ዚብል ሕቶ የልዕለሎም ይኸውን። እግዚኣብሄር ዝሃቦ ናይ መጀመርታ ተስፋኡ ኣብ ዘፍ 3፡ 15 ኣሎና። ንሱ ኸኣ እቲ መድሓኒ ካብ ዘርኢ ሰበይቲ ከም ዚመጽእ እዩ። እዚ ድማ እቲ ዚመጽእ መድሓኒ ገለ ናይ ሰብኣይ ደገፍ ዘየድልዮ እዩ። ሮሜ 5፡ 12 ሓጢኣት ብኸመይ ከም ዚሓልፍ ይገልጸልና ከምዚ እናበለ“”ስለዚ ኸኣ ከምቲ ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ ሓጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ፡ ብሓጢኣትውን ሞት፡ ኩላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ፡ ሞት ናብ ኩሉ ሰብ ሓለፈ።”

ኣዳም ሓጢኣት ፈጸመ እሞ ሓጥእ ኰነ። ሓጢኣት ድማ ካብ ኣዳም ጀሚሩ ናብ ኩሉ ዘርኡ ሓለፈ። ካብኡ እተወልዱ ዘበሉ ኩላቶም ድማ፡ ነቲ እተቐበልዎ ሓጢኣት ናብ ዚመጽእ ወለዶ ብምሕላፍ ሓጢኣት ዘየቋርጽ ዓቢ ሕማም ኰነ። ኣምላኽ ነዚ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝቐጸለ ሓጢኣትን ሳዕቤኑን መወዳእታ ኪገብረሉ፡ እቲ ናይ ምድሓን መደቡ ብመገዲ ድንግል ኣቢሉ ብዘይ ገለ ሓጢኣት በቲ ሓደ ወዱ ፈጸሞ።ኣምላኽ ንወዱ ካብ ሰበይቲ ከምዚውለድ ብምግባሩ ናይ ሰብ ኣካል ኪህልዎ ገበረ፡ ግናኸ ብዘይ ምድራዊ ኣቦ ብምምጻኡ ካብቲ እናተወራረሰ ኪመጽእ ዝጸንሐ ሓጢኣት ኣብኡ ኪቕጽል ኣይከኣለን፡ ከመይሲ ኣቦኡ ምድራዊ ኣቦ ዘይኰነስ እግዚኣብሄር ባዕሉ ብምዃኑ እዩ። ስለዚ የሱስ ብዘይ ሓጢኣት ተወልደ፡ ብዘይ ሓጢኣት ተመላለሰ፡ ኣብ መወዳእታውን ሓጢኣት ካልኦት ደኣ ጸረ እምበር ብሓጢኣቱ ኣይኰነን ዝሞተ። ነዚ ኸኣ እዩ ኣበር ዘይብሉ መስዋእቲ ኪኸውን ዝኸኣለ። 2ይ ቆረ፡ 5፡ 20-21 ነዚ የብርሃልና “ስለዚ ንሕና ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ልኡኻት ኢና እሞ ኣምላኽ ብኣና ገይሩ ይምዕድ ኣሎ። ንሕና ብእኡ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ክንከውን፡ ነቲ ሓጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ ክንዳና ሓጢኣት ገበሮ። ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ እናበልና ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኰንና ንልምነኩም ኣሎና።”

ብምኽንያት ልደት እንወስዶ መልእኽትን ወዲ ኣምላኽ ስጋ ሰብ ኪለብስ ዝገበሮ ምኽንያትን እንታይ እዩ። 1ዮሃ፡ 3፡8 ነዚ ዚኸውን መልሲ ኣለዎ፡- “ድያብሎስ ካብ መጀመርታ ሓጢኣት ይገብር እዩ እሞ። ሓጢኣት ዚገብር ካብ ድያብሎስ እዩ። ወዲ ኣምላኽ ከኣ ግብሪ ድያብሎስ ምእንቲ ኬፍርስ ኢሉ እዩ ነዚ እተገልጸ።”

መጽሓፍ ቅዱስና፡ ወዲ ኣምላኽ ግብሪ ድያብሎስ ምእንቲ ኬፍርስ ኢሉ እዩ እተግልጸ ኪብል ከሎ፡ ካብዚ ሰለስተ ዚኸውን ሕቶ ኪለዓል ይኽእል።

1. ወዲ ኣምላኽ ኬፍርሶ ዝደለየ ግብሪ ድያብሎስ እንታይ እዩ፡
2. ብኸመይ የፍርሶ፡
3. ንሕናኸ ኣብዚ ዓወት እዚ ብኸመይ ንጽምበር።

1 ዮሃ፡ 3፡ 8 ቀዳማይ ክፋሉ ከምዚ ይብል፡- “ድያብሎስ ካብ መጀመርታ ሓጢኣት ይገብር እዩ” ኣብዚ ድያብሎስን ሓጢኣትን ብሓደ ኪመጹ ከለዉ ንርኢ። መበቆል ሓጢኣት ድያብሎስ እዩ። ኩሉ ግብሩ ድማ ሓጢኣት እዩ። ግብሪ ድያብሎስ ሰባት ምስሓት እዩ። ሰባት ተፈቲኖም ምስ ዚወድቁ በቲ ዘዳለዎ መጻውድያ ተፈንጢሮም ማለት እዩ። ስለዚ ጐይታ ነዚ ንምፍራስ እዩ ዝመጸ። ዕለት ልደት መዓልቲ ሓጐስና ዝኾነሉ ምኽንያት፡ እቲ ንዘመናት ሰባት እተጸበይዎ ምግላጽ ወዲ ኣምላኽ፡ ምፍራስ ግብሪ ሰይጣን ብምዃኑ እዩ።

የሱስ ክርስቶስ ብየናይ መገዲ እዩ ግብሪ ሰይጣን ዜፍርስ? ጐይታ የሱስ ብሞቱን ትንሳኤኡን እዩ ግብሪ ድያብሎስ ዜፍርስ። ከምቲ እሾኽ ብእሾኽ ዚወጽእ ከምኡ ድማ ክርስቶስ ብሞቱ ንሓይሊ ሞት ብምስዓሩ፡ ንስልጣን ሞት ከንቱ ገበሮ። ብሞቱ ንሞት ሰዓረ፡ ብትንሳኤኡ ድማ ሓድሽ ህይወት ንኹሉ ሃበ። በዚ ተስፋ ሰይጣን በነነ፡ ርእሱ ተጨፍለቐ፡ ሓይሉ ደኸመን ተሳዕረን። ንሕናኸ በየናይ መገዲ ኣብዚ ዓወት ንጽምበር ንዚብል ሕቶ፡ እቲ ቅድሚ ክልተ ሽሕ ዓመት ዝፈሰሰ ደም ሎሚ ብኸመይ ኣባና ይዓዪ? ንሹሉ ሓጢኣትና ሕድገት ብምሃብ እዩ። 1ዮሃ፡ 1፡9 “ሓጢኣትና እንተ ተናዘዝና፡ ንሓጢኣትና ይቕረ ኺብለልና፡ ካብ ኩሉ ዓመጻውን ኬንጽሃና እሙንን ጻድቕን እዩ።” ደም ወዱ የሱስ ክርስቶስ ሎሚውን ህያው ኮይኑ ካብ ኣንጽሃና፡ ኣብ ዘመንናውን ንተግባር ሰይጣን የፍርስ ከም ዘሎ ንርኢ። ነ ዚ ድማ ብእምነት ኢና እንቕብሎ።

ዓመት መጸ ኣመንቲ ይኹኑ ዘይኣመንቲ በዓል ልደት ንምብዓል ይሸባሸቡ። ኣመንቲ ብምኽንያት ምውላድ መድሓኒኦም ትርጉም ዘለዎ በዓል ልደት ኬብዕሉ ከለዉ፡ እቶም ዘይኣምኑ ከኣ የሱስ ዘይብሉ

ብባህሊ ሰብ እተመልአ ልደት የኽብሩ። ነፍሲወከፍ ዓመት ካብታ ቅድሚኣ ዝነበረት ዓመት ብፍሉይን ዝበለጸን መገዲ ክትብዓል ይግባእ። ምኽንያቱ፡ እቲ ጐይታ ኩሉ ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ ስለ ምድሓን ሰብ፡ ፍጹም ኣምላኽን ፍጹም ሰብን ኰይኑ ናብዛ ዓለም እተገልጸሉ እዋን ብምዃኑ እዩ።

እምነት ክርስትና ካብ ካልእ ኩሉ እምነታት ፍሉይ እምነት እዩ። እቲ ፍሉይ ዝገብሮ ድማ፡ ንእኡ ዚመስሎን ዚዳረጎን ኣብ ዘይብሉ ጐይታ ስለ ዝኣምን እዩ። ኣብ ዓለምና ዘሎ ሃይማኖታት ይኹን ፍልስፍና፡ ኣብ ትምህርቲ ናይቶም ጀመርቱ እተመስረተ እዩ። እምነት ክርስትና ግና ኣብ ትምህርቲ የሱስ ክርስቶስ ጥራይ ዘይኰነስ ኣብ መንነት የሱስ ክርስቶስ እተመስረተ እዩ። ገለ ሰባት ንጐይታ የሱስ ክርስቶስ ምስ ካልኦት ጀመርትን መራሕትን ሃይማኖት ሓደ ጌሮም ይርእይዎ እዮም። እዚ ግና ብመሰረቱ ግጉይ ኣተሓሳስባ እዩ። ፈጣሪ ምስ ፍጡር ደባሊቕካ ምርኣይ ካብኡ ዚዓቢ ጌጋ የልቦን። እምነት ክርስትና ኣብቲ ፍሉይ ዝኾነ ምውላድን ሞትን ትንሳኤን ክርስቶስ እተሰረተ እምነት እዩ።

ቐሺ ሕሩይ በረኸት

## ትእምርቲ ብዛዕባ ልደት የሱስ፡

እግዚኣብሄር ባዕሉ፡ ትእምርቲ ኺህበኩም እዩ፡ እንሆ ድንግል ክትጠንስ፡ ወዲ ኸኣ ክትወልድ እያ፡ ስሙ'ውን ኣማኑኤል ክትሰምዮ እያ። ትንቢ ኢሳይያስ 7፡10፡

የሱስ ወዲ ኣምላኽ፡ ካብ ድንግል ንኺውለድሲ፡ ምስጢሩን ትርጉሙን እንታይ እዩ፡ እዚ መልኰታዊ ምስጢር'ዚ እምበኣር፡ መሰረት ናይታ ናይ ክርስቶስ ዝኾነት ማሕበር እዩ፡ እዚ ትእምርቲ እዚ፡ ብኣተሓሳስባ ሰብ ክግለጽን ክፍለጥን ከቶ ዘይሕሰብ እዩ። እምነት እታ ማሕበር፡ ወይ ቤት ክርስትያን ከኣ ካብዚ እዩ ዚጅምር። ሓዲስ ኪዳን፡ ከም ዕላማን፡ መሪሕ እምነትን ትምህርቲ ዚምስክሮ፡ በዞም ዚስዕቡ ጽሕኡፋት ገይሩ የስምሮ።

ልደት የሱስ ክርስቶስ ከምዚ ዚስዕብ እዩ። ኣዲኡ ማርያም፡ ንዮሴፍ ተሓጽያ ከላ፡ ከይተራኸቡ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ጠኒሳ ተረኽበት። ማቴ. 1፡18። ቀጺሉ ኣብ ሉቃስ 1፡ 28-31 ከምዚ ይብል፡ “ ገብርኤል መልኣኽ፡ ናብኣ ኣትዩ፡ “ ኣቲ ምልእቲ ጸጋ፡ እግዚኣብሄር ምሳኺ እዩ እሞ ባህ ይበልኪ፡ ካብ ኣንስቲ ብርኽቲ ኢኺ፡ “በላ።“ እንሆ ክትጠንሲ ወዲ እውን ክትወልዲ ፡ ስሙ'ውን የሱስ ክትሰምይዮ ኢኺ።”

ወንጌላዊ ዮሃንስ'ውን፡ ካብ ድንግል ምላዱ እኳ እንተዘይገለጸ፡ ብዛዕባ ምውላዱን ኣብ ዓለም ምምጽኡን፡ ከምዚ ኢሉ ይገልጸ፡ “ ቃል ብመጀመርታ ነበረ፡ እቲ ቃል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ፡ እቲ ቃል'ውን ኣምላኽ ነበረ።” ዮሃ. 1፡ 14።

ድሕሪ ዕርገት ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ እቶም ሃዋርያት፡ በቲ ዝመሃሮም መሰረት፡ ብዛዕባ ካብ ድንግል ምውላዱ፡ ብዓቢ እምነት ይኣምኑን ይምህሩን ይምስክሩን ነበሩ፡ እዚ ኸኣ፡ እቲ እምነት ሃዋርያት ዚብል፡ ኩሉ ክርስትያን ዚእምኖ ምስክርነት ኣዩ። “ ንሕና ብሓደ ወዱ፡ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ኣተጠንሰ፡ ካብ ማርያም ድንግል እተወልደ፡ ብዘበን ጰንጢዮስ ጲላጦስ ሓሳረ መከራ ዝጸገበ፡ ኣተሰቕለ፡ ዝሞተ፡ እተቐብረ፡ ናብ ሲኦል ዝወረደ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲ ካብ ምዉታት ዝተንስኤ፡ ናብ ሰማይ ዝዓረገ፡ ኣብ የማን እቲ ኹሉ ዚኽእል እግዚእብሄር ኣቦ ድማ ኮፍ ዝበለ፡ ካብኡ ኸኣ ንህያዋንን ንምዉታንን ኪፈርድ ከም ዚምለስ ንኣምን ኣሎና።”

እዚ ጐይታ ካብ ድንግል ምውላዱ፡ ኣርባዕተ ዓበይቲ ዕላማታት ዝሓዘ ኣምነት እዩ። እታ ቀዳመይቲ ፡ ንሕና ብእኡ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ክንከውን፡ ነቲ ሓጥያት ዘይፈለጠ፡ ኣብ ክንዳና ሓጥያት ገበሮ።” 2ይ ቆረ. 5፡21። ካብ ድንግል ብምውላዱ፡ ብዘይ ሓጥያት ከም እተወልደ የረድኣና። እዚ ድማ፡ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ከም እተጠንሰ እዩ።

እታ ክልኣይቲ ካብ ድንግል ምውላዱ ኸኣ፡ የሱስ ክርስቶስ፡ ካልኣይ ኣዳም ምዃኑ እዩ ዘረድኣ። ኣብ መንጎኻን፡ ኣብ መንጎ እዛ ሰበይትን፡ ፡ ኣብ መንጎ ዘርእኻን ኣብ መንጎ ዘርኣን፡ ጽልኢ እተክል ኣሎኹ፡ ንሱ ርእስኻ ኪጭፍልቕ እዩ፡ ንስኻ ድማ ሸኾናኡ ክትነክስ ኢኻ። ዘፍ. 3፡ 15 ። “ ብኣበሳ ሓደ ሰብኣይ ብዙሓት ሞይቶም እዮም እሞ፡ እቲ ጸጋ ኣምላኽን ውህበቱን፡ ብጸጋ እቲ ሓደ ሰብኣይ፡ ማለት የሱስ ክርስቶስ፡ ናብቶም ብዙሓት እምብዛ ይዓዝዝ፡ ሮሜ 5፡ 15።

እታ ሳልሰይቲ ሓሳብ ካብ ድንግል ምውላዱ፡ ስጋ ምልባሱ እዩ። ከምቲ ወንጌላዊ ዮሃንስ ዝብሎ፡ “ እቲ ቃል ስጋ ኾነ፡ ጸጋን ሓቅን መሊኡዎ ኸኣ፡ ኣባና ሓደረ። ዮሃ. 1፡ 14 ።

እታ ራብዓይቲ ሓሳብ፡ እቲ መሲህ ከም ዝመጸ፡ በዚ ኸኣ እታ መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ ዓለም ከም ዝኣተወት እዋ፡ ብዙሓት ሰባት ይቀዳደሙላ ከም ዘለዉ ርኡይ ምስክር እዩ።
ትእምርቲ ልደት መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ እምበኣር፡ ካብ ዘልኣለም ንዘልኣለም ዚነብር፡ ዘይኣርግን ዘይበልን እዩ። ካብ ክልተ ሽሕ ዓመታት ንላዕሊ ዝገበረ እኳ እንተኾነ፡ እታ እተደንቅ፡ ብስራት ዝሓዘት ለይቲ፡ ጌና ብኸምዚ ዚስዕብ ክትግለጽን ክትሕደስን ትነብር ኣላ።
"ኣብታ ምድሪ እቲኣ፡ ብለይቲ ማሎም ኪሕልዉ ኣብ መሮር ዝሓደሩ ጓሶት ነበሩ። መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ጥቓኦም ደው በለ፡ ክብሪ እግዚኣብሄር'ውን ኣብ ዙርያኦም ኣብርሀ፡ ብዙሕ ፍርሃት ከኣ ፈርሁ። እቲ መልኣኽ ድማ፡ እንሆ ሎሚ መድሓኒ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊዱልኩም ስለ ዘሎ፡- ንሱ ኸኣ ክርስቶስ ጐይታ እዩ፡ ንኹሉ ህዝቢ ዚኸውን ዓብዪ ሓጐስ ኤበስረኩም ኣሎኹ እሞ ኣይትፍርሁ።" በሎም። ሉቃስ 2፡ 8-11
ስለቲ ዘይንገር ህያባቱን ጸግኡን ምሕረቱን፡ ንህና ኸኣ፡ ምስቶም ሰራዊት ሰማይ ተጸንቢርና፡ እቲ ናይ ዘልኣለም መዝሙር፡ ከምዚ ኢልና ንዘምርን ነመስግንን፡ " ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ላዕሊ፡ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ፡ ኣብ መንጎ ኣቶም ስምረት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት።" በዛ ኣትስዕብ መዝሙር ልደት እዚኣ ከኣ ሓሳባተይ እዓጹ።

"ጐይታ ካብ ላዕሊ ናብ ምድሪ ተገልጸ፡
ኣብ ቤት ልሄም ወዲ ኣምላኽ ተወልደ፡
ተፈጸመ ብነብያት እተባህለ፡ ስለ መሲህ
ተስፋ ናይ ኣስራኤል።
(ናይ ዓለም ኾላን።)

ብሩኽ ልደት ንኹልና።
ቀሺ ካሕሳይ ወልደሃይማኖት።

# ክርስትያን ስድራ ቤት

ቀሺ ሙሳ ኣሮን

ብዙሕ ግዜ ብዛዕባ እዛ "ስድራ ቤት" እትብል ቃል ብበብዓይነቱ ትምህርትን ሓሳባትን ምዕዶን መግለጽን ከም ዝሰማዕና ርግጸኛ እየ። እዚ ጥራይ ዘይኰነ ኸኣ፡ ነፍስወከፍና፡ ከከም ዓቕምና ጽሕፍቶናን ኣባላት ናይ ሓንቲ ስድራ ቤት ስለ ዝኾንና፡ ብዛዕባ ስድራ ቤት ክንሰምዕ ከሎና፡ ሓደ ኣጸቢቕና እንርድኦ ኣርእስቲ እዩ። ስለዚ እዚ ኣርእስቲ ኣዚ ንብዙሓት ካባታትና ሓዲሽ ነገር ኣይኰነን።

"ስድራ ቤት" ሓደ ኾላትና እንፈልጦን እተመኪርናሉን እንምኾረሉ ዘሎና ኣርእስቲ ካብ ኰነ ደኣ ስለምንታይ ኢና ከም ሓደ ፍሉይ ኣርእስቲ እንዛረበሉ? ዚብል ሓታቲ ይህሉ ይኸውን። ምላሹ ብርቱዕ ኣይኰነን።

ሓንቲ "ስድራ ቤት" ዓንዲ ማእከል ናይ ንብረት ወዲ ሰብ ስለ ዝኾነት፡ ሓንቲ "ስድራ ቤት" ዋልታ ህይወት ናይ ጉዕዞ ህይወትና ስለ ዝኾነት፡ ሓንቲ ስድራ ቤት ነቲ ቀጻሊ መነባብሮ ዓለምና እትውስን ሓይሊ ስለ ዝኾነት፡ ነዚ ሓሳብ እዚ ካብቲ ከም ተራ ሰባት ዘሎና ፍልጠት "ስድራ ቤት"፡ ኣዚና ከነስፍሖን ከነጽንዖን ኣድላዪ ኾይኑ ንረኽቦ።

ኣቐዲምና እምበኣር "ስድራ ቤት" እንታይ ማለት እዩ? ዚብል ሕቶ ንገዛእ ርእስና ንሕተት። "ስድራ ቤት" ከም ሓይሊ ቓሉ ጥራይ እንተወሰድናዮ፤ ብዝምድና ወይ ብመውስቦ እተጠምሩ ሰባት፡ ኣባላት ናይ ሓንቲ ስድራ ቤት ምኳኖም ንርኢ። መሰረት ናይዞም ኣባላት ከኣ፡ ክልተ ዓቕሚ ኣዳም ዝኾኑ ወለድን ደቆምን ከም ዝኾኑ ንርዳእ። ብሓጺሩ፡ መሰረት ሓንቲ ስድራ ቤት፡ እቲ ሰብኣይ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣቦን እታ ሰበይቲ ተባሂላ እትጽዋዕ ኣደን፡ እቶም ደቂ ተባሂሎም ዚጽውዑ ካብ ክልቲኦም ዚውለዱ ኣወዳትን ኣዋልድን ከም ዝኾኑ ንፈልጥ። ስለዚ ከም መበገሲ መጠን፡ ኣቦን ኣደን ደቅን፡ ነታ "ስድራ ቤት" እትብል ናይ ሓባር ሓይሊ የቑሙ። ካብዚ ተበጊስና ኸኣ ብሓያሎ ስድራ ቤታት ዓዲ፡ ኸተማ፡ ሃገር፡ ህዝቢ ከም ዚህነጽ ንፈልጥ። ብሓጺሩ፡ ሓንቲ ስድራ ቤት መሰረት ሓንቲ ሃገር ከም ዝኾነት ንርዳእ። ከም እተጸምቔ ኣተሓሳስባ ኸኣ፡ ድልዱል መሰረት ዘይብላ ቤት፤ ሰነፍ፡ ነቓዕ፡ ፈራሲት ከም እትኸውን ካብ ተመክሮ እተፈልጠ ስለ ዝኾነ፡ ድልዱላት ስድራ ቤት ዘይብላ ሃገር'ውን ሰነፍ፡ ነቓዕ፡ ፈራሲት ሃገር ከም እትኸውን ኣብ ታሪኽ ክንዕዘቦ ዚክኣል ክውን ነገር እዩ።

ስድራ ቤት ከምይ ኢሉ እዩ ተጀሚሩ? መንከ መስሪትዎ? እዚ ስድራ ቤት ዚበሃል ስርዓት ባዕሉ ዚፈፍፈለ ባህርያዊ ኾነት ኣይኰነን። ስድራ ቤት ብእግዚኣብሄር እተሰርዔ ቅዱስ ነገር እዩ። ኣብ ዛንታ ፍጥረት ምልስ ኢልና እንተኣንበብና

እግዚኣብሄር ሰማይን ምድርን ኣብኡ ዚርከብን ኵሉ ፍጥረት ምስ ፈጠረ፡ ኣብ መወዳእታ ብመልክዑ ሰብ ከም ዝፈጠረ ነንብብ። እግዚኣብሄር ንሰብ ተብዓታይን ኣንስተይትን ገይሩ ከም ዝፈጠሮ ነረጋግጽ። እዚ ጥራይ ዘይኰነ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር ብመጀመርያ ሓደ ሰብኣይ ማለት ኣዳም ሓንቲ ሰበይቲ ማለት ሄዋን ገይሩ ከም ዝፈጠሮም ንርኢ።

ክቡር ኣንባቢ፡ እታ ቀዳመይቲ መሰረት ስድራ ቤት እምበኣር እንሃ፡ ብሓደ ሰብኣይን ብሓንቲ ሰበይትን ክትቕውም ፍቓድ እግዚኣብሄር ከም ዝነበረ ንርኢ። ስለዚ "ስድራ ቤት" ብእግዚኣብሄር እተመስረተ ቅዱስ ስርዓት እዩ። ሓደ ሰብኣይን ሓንቲ ሰበይትን በቲ እግዚኣብሄር ካብ መጀመርታ ዝመስረቶ ስርዓት መውስቦ መሰረት ናይ ሓንቲ ስድራ ቤት ይጅምሩ። ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት 2፡ 24 "... ሰብኣይ ኣቦኡን ኣዲኡን ይሓድግ፡ ምስ ሰበይቱ ኸኣ ይጠብቕ፡ ሓደ ስጋ ድማ ይኾኑ።" ዚብል ናይ ሓንቲ ስድራ ቤት መልክዕ ንርኢ። ቀጺልናውን ኣብ ወንጌል ማርቆስ 10፡ 8-9 "ክልቲኦም ሓደ ስጋ ይኾኑ፡ ስለዚ ድማ ሓደ ስጋ እዮም እምበር ክልተ ኣይኮኑን። እምበኣርስከ እቲ ኣምላኽ ዘጋጠሞስ ሰብ ኣይፍለዮ።" ዚብል ሕጊ መውስቦን ዕላማ ሓንቲ ስድራ ቤት ነንብብ።

እቲ ብሓጺሩ እንምርምሮ ዘሎና ሓሳብ እንታይ እዩ? ሓንቲ ስድራ ቤት ኣብቲ ቅዱስ ፍቓድ እግዚኣብሄር እተመስረተት ምኳን ኣለዋ ዚብል ቀንዲ ሓሳብ እዩ። እዛ ከም ፍቓድ እግዚኣብሄር እተሃንጸት ስድራ ቤት፡ እቶም ኣዕኑዳ ሰብኣይን ሰበይትን ወይ ከኣ በዓል ቤትን በዓልቲ ቤትን ብኻልእ ኣገላልጻ ኸኣ ኣቦን ኣደን ምኳኖም ርኢና ኣሎና።

ይቕጽል...

# ምስዮናዊ ዕዮ ሃዋርያ ጳውሎስ

ከምቲ መስመር ናይ ታሪኽ ዝትርኾ እቲ ዝዓበየ ምስፍሕፋሕ እምነት ክርስትና፡ ኣብ ዞባ ማእከላይ ባሕሪ (Mediterranean sea)፡ ኣብተን ቀዳሞት 120 ዓመታት ድሕሪ ክርስቶስ እዩ ነይሩ። እዚ ምስፍሕፋሕ እዚ ምስቲ ናይ ሽዑ ዝነበረ ናይ ክርስትያናት መስጎግትን ናይ ቦታ ምልውዋጥን ምንቅስቓስን ዝተዛመደ እዩ። ካብ ኵሉ ዝለዓለ ግን ሃዋርያ ጳሎውስ ዝፈጸሞ ምስዮናዊ ዕዮ፡ እቲ ዝዓበየ ኣበርክቶን ተራን ንምስፍሕፋሕ ወንጌል ከም ዝነበረ ታሪኽ ዝምስክሮ እዩ።
ከምቲ ወንጌላዊ ሉቃስ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ዝርዝር መገሻ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝገልጸልና፡ ታሪኻውያን ኣብዚ ስእላዊ ዝርዝር መገሻ እዚ ብምምርኳስ፡ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብቲ ዝገበሮ ዑደት ምዝርጋሕ ወንጌል፡ ብድምር ክሳዕ 10,000 ማይልስ (16,100 ኪ.ሜ.) ከም ዝተጓዕዘ ገምጋም ጸብጻቦም ይሕብሩ እዮም። በዚ ነዊሕ ጉዕዞ እዚ ኸኣ ሃዋርያ ጳውሎስ ምስ ሓለፍቲ መንግስቲ፣ ነጋደ፣ ገያሾ፣ መምህራን፣ ተመራመርቲ፣ በብዓይነቱ ስነ-ጥበብ ዘሎዎም፣ ከምኡ'ውን በብዓይነቱ ሞያ ዘሎዎም ሰባት፣ ምስ ዝተፈላለየ ባህሊ ዘሎዎ ህዝቢ ክራኸብ ናይ ግድነት ከም ዝነበረ ዘጠራጥር ኣይኮነን።
ሃዋርያ ጳውሎስ ሰለስተ ምስዮናዊ መገሻታት (Missionary Journey) ፈጺሙ። ቀዳመይቲ መገሽኡ 13-14 ዓመት ድሕሪ ለውጡ ናብ ክርስትና ከም ዘካየደ ይግመት። ስለዚ ኣብዚ እዋን እዚ የሱስ መድሓኒ እቲ ሓደ ህያው ጸጋ ብርሃን ዘብርህ መሲህ ምዃኑ ብዕምቈትን ብስለትን ጥልቂ ርዲኢት ረቢሑ ነይሩ እዩ።
ጳውሎስን በርናባስን ኣብ ናይ ሓባር ኣገልግሎቶም ኣብ ኣንጾክያ ብዙሓት ሰዓብቲ ክርስቶስ ከፍርዩ እግዚኣቢሄር መገዲ ከም ዘርሓበሎም ኣብቲ ዝሓለፈ መጽሔት ቃል ጸጋ 'ሃዋርያ ጳውሎስ' ብዝብል ኣርእስቲ ዝነበረ ዓንቀጽ (article) ተገሊጹ ነይሩ። ብሕልፊ ኸኣ፡ ሰብ ኣንጾክያ ብናይ ጳውሎስ ክርስቶሳዊ መልእኽትን ምስክርነትን ስለ ዝተመስጡ፡ ብዙሓት ናብ እምነት ክመጹ ኸኣሉ። በዚ ኸኣ እታ ቤተ ክርስትያን ናይ ኣንጾክያ ኣብ ሶርያ ዝነበረት ብቓል እግዚኣቢሄር ስለ ኣጸቢቓ ዝዓበየትን ዝሰሰነትን ነታ ኣደ ቤተ ክርስትያን ናይ የሩሳሌም ኣንጻላለወታ። ኣብ 45 ዓመተ ምሕረት ኣብ የሩሳሌም ጥሜት ስለ ዝኣተወ፡ ቤተ ክርስትያን ኣንጾክያ ሓገዝ ክትሰድድ መደበት። ንጳውሎስን በርናባስን ድማ ነዚ ረድኤት እዚ ኣስኒቓ ንየሩሳሌም ለኣኸቶም። ጳውሎስን በርናባስን ከኣ ድሕሪ 10 ዓመት፡ ንመጀመርያ ግዜ ንየሩሳሌም ጉዕዝኦም ኣቕኑዑ።
ሕጽር ዝበለ ግዜ ኣብ የሩሳሌም ድሕሪ ምጽንሖም ምስ መንእሰይ ዮሃንስ፡ ማርቆስ ዝብሃል ፡ ወዲ ሓው ኣቦኡ ንበርናባስ (ቆሌሴ 4፡10) ንኣንጾክያ ተመልሱ። (ግብ 12፡25) ሽዑ ሽዑ ድሕሪ

ምምላሶም፡ እቶም ኣሕዋት ነብያትን መምህራንን ናይ ቤተ ክርስትያን ኣንጾክያ ብመንፈስ ቅዱስ እተገልጸሎም ቃል ብምኽታል *“በርናባስን ሳውልን ነቲ ዝጸዋዕክዎም ዕዮ ፍለዩለይ”* (ግብ 13፡2) ስለ ዝበሎም፡ ብመንፈስ ቅዱስ እናተመርሑ ወንጌል ንኣህዛብ ከብጽሑን ከበስሩን ብጾምን ጸሎትን ባረኽምን መሪቖምን ንኣገልግሎት ወንጌል ሰደድዎም።

## ቀዳማይ ምስዮናዊ ጉዕዞ ሃዋርያ ጳውሎስ

ኣብ ቀዳማይ እግሮም፡ ጳውሎስ ምስ በርናባስን ማርቆስን፡ ካብ ኣንጾክያ ንወደብ ሴሌውቅያ (Seleucia) ወረዱ። ካብኡ ኸኣ ብመርከብ ናብ ሰላሚስ (Salamis) ናብ ደሴት ቆጵሮስ (Cyprus): ዓዲ በርናባስ ከዱ። ኣብቲ እዋን እቲ ሰላሚስ ዓባይ ወደብ ቆጵሮስ እያ ነይራ። ኣብዛ ከተማ እዚኣ ኸኣ ኣብ ኣባይቲ ጸሎት ኣይሁድ ቃል ኣምላኽ ኣስምዑ። በዛ ጉዕዞ እዚኣ ሃዋርያ ጳውሎስን ምስዮናውያን ኣሕዋቱን ናይ መፈለምታ ተልእኾ ዕዩኦም ጀመሩ።

ንደሴት ቆጵሮስ ብዘላ ምስ ዘሩዋ፡ መገሽኦም ብመሬት ብምቕጻል ጳፎስ (Paphos) ኣብ ትብሃል ከተማ፡ ኣብቲ ግዜ እቲ ማእከል ናይ ፖለቲካን ኣረማዊ ሃይማኖትን ዝነበረት በጽሑ። ጳፎስ ብኣጋፐኖር ዝተባህለ ግሪኻዊ ዝተመስረተት፡ ኣፍሮዳየት ኣብ ዝተባህለ ናይ ፍራያምነት (Fertility) ጣኦት፡ ኣረማዊ ኣምልኾ ዝካየደላ ከተማ ብምንባራ፡ ብብዙሓት ናይ ውላድ ድልየት ዝነበሮም ትንገድ ነበረት። ከምኡ ድማ ብዓለማዊ ዝርገት ዝተዋሕጠት ጣኦታዊ ኣምልኾ ዝብዓለላ ዝነበረት ከተማ እያ። ጳውሎስን ኣሕዋቱን ኣብዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ሃውህው እዮም ወንጌል ከበስሩ ዝተጸወዑ።

ኣብዛ ከተማ እዚኣ ኤልማስ ዝስሙ ጠንቋሊ ኣይሁዳዊ ሰብኣይ፡ ምስ ምስለኔ (Proconsul) ሰርግዮስ ዝተባህለ ሮማዊ ኣማሓዳሪ ከም ኣሳሳዪ ይነብር ነበረ። *“ሰርግዮስ ከኣ ወንጌል ክሰምዕ ደልዩ ንጳውሎስን በርናባስን ናብኡ ጸውዖም። እቲ ጠንቋሊ ከኣ ነቲ ምስለኔ ካብ ምእማን ክኽልክሎ ኢሉ ንጳውሎስን ንበርናባስን ተቓወሞም። ጳውሎስ ከኣ መንፈስ ቅዱስ መሊእዎ፡ ጠሚቱ እሞ፡ ‘ኣታ፡ ኵሉ ተንኰልን ኵሉ ኽፍኣትን ዝመልኣካ ወዲ ድያብሎስ፡ ጸላእ ኵሉ ጽድቂ፡ ነቲ ቕኑዕ መገዲ እግዚኣብሄር ካብ ምጥዋይሲ ካንዶ ኣይትዓርፍን ኢኻ? ሕጂ ኸኣ እንሃ፡ ኢድ ጐይታ ኣብ ልዕሌኻ እያ፡ ክትዓውር፡ ክሳዕ ጊዜኡውን ጸሓይ ኣይክትርእን ኢኻ፡’ በሎ። ብኡብኡ ኸኣ ጣቓን ጸልማትን ወደቖ፡ ኣብዝን ኣብትን እናተመላለሰ ኸኣ፡ ብኢዱ ዚመርሖ ደለየ። ሽዑ እቲ ምስለኔ ነቲ ዝኾነ ርእዩ፡ ብምህሮ ጐይታ ተገሪሙ ኣመነ።”*

(ግብ፡ 13፡ 6-12) በዚ ኸኣ ሃዋርያ ጳውሎስ ንመጀመርያ ግዜ ንሮማዊ ኣብ እምነት ንምምጻእ ዓወት ዝረኸበላ እዋን እያ ነይራ።

ብድሕርዚ ጳውሎስን ብጾቱን ብባሕሪ ንቆጵሮስ ገዲፎም፡ ካብ ጳፎስ ንጴርጌ (Perga): ዓባይ ናይ ንግዲ ከተማ ናይ ጰምፍልያ (Pamphylia) ኣተዉ። ጴርጌ ብብርታዊ ገንዘብ (ሰልዲ) ፍልጥቲ ዝነበረት ከተማ እያ። ምስሊ ናይታ ከተማ እውን ኣብቲ ቅርጺ ናይ ገንዘብ ናይቲ እዋን እቲ ነበረ።

እዞም ምስዮናውያን ሃዋርያት ብመሬትን ባሕርን ዝገሸሉ ዝነበሩ ወቕቲ፡ ዓለም ካብ ውግእ ሓድሕድ እትሓውየለዩን ናብ ንቡር ኩነታት እትምለሰሉን ዝነበረት እዋን እዩ። እዚ ሃውህው እዚ ንኩነታት ገያሾ በዳህን፡ ንህይወቶም ዘፍርሕን፡ ሓደጋ ዝመልኦ ግዜ እዩ ነይሩ። ጳውሎስን በርናባስን ንጴርጌ ክበጽሕዋ ኸሎዉ፡ ኣብቲ ዞባ እቲ ብብዝሒ ወራብልነት ዘካይዱ ከተርቲ ነይሮም። ምናልባት ወንጌላዊ ዮሃንስ ማርቆስ ነቲ ምስዮናዊ ዕዮ ኣቋሪጹ ብባሕሪ ንየሩሳሌም ዓዱ ክምለስ ገለ ካብቲ ንመደቡ ዘገደደን ዝጸለወን ኩንታት እዩ ተባሂሉ ይግመት።

ብተወሳኺ ናይ ከተርቲ ሓደጋ ፡ከባቢ መሬታት ማእከላይ ባሕሪ (Mediterranean Sea) ሕሉፍ ዋዒ ናይ ሓጋይ ክሊማ ዝነበሮ እዩ። ከምኡ ድማ እዚ ቦታታት እዚ ብማለርያ ዝተዓስለ ዞባ እዩ ነይሩ። እዚ ኩነታት እዚ እውን ንሕማም ናይ ጳውሎስ ጠንቂ ነይሩ ይኸውን ይብሃል። (ገላትያ 4፡14)

*“ብዙሕ ጊዜ ኣብ መገሻታት ነይረ፡ ኣብ ርባታት ብፍርሃት፡ ካብ ከተርቲ ብፍርሃት፡ ካብ ደቂ ዓደይ ብፍርሃት፡ ካብ ኣህዛብ ብፍርሃት፡ ኣብ ባሕሪ ብፍርሃት፡ ኣብ ማእከል ኣሕዋት ሓሶት ብፍርሃት እየ ዝነበርኩ፡ ብዕዮን ብጻዕርን፡ ብዙሕ ግዜ ብምንቃሕ፡ ብጥሜትን ብጽምእን፡ ብዙሕ ግዜ ብጾም፡ ብቝርን ብዕርቃንን ነይረ።”* (2 ቆረ፡ 11፡ 26-27) ይብል ሃዋርያ ጳውሎስ።

ኣንጾክያ ናይ ጵስዲያ (Antioch, Pisidia) ሓንቲ ካብተን ሽዱሽተ ከተማታት ብንጉስ ኣጉስቶስ ናይ ሮማ ዝቐመት እያ ነይራ። ዕላማ ንጉስ ኣጉስቶስ ነዘን ከተማታት ከቋቑመን ዘሕሰቦ፡ እዚ ከበሳታት ደቡባዊ ገላትያ ብሸፋቱ ተዓሲሉ ስለ ዝነበረ፡ ብሕጊ ሮማ ኣብ ስርዓት ግዝኣቱ የእትዩ ክቆጻጸረን

ክኽእል ብምባል እዩ ነይሩ። ንኣውራጃ ገላትያ ድማ ግዝኣት ሮማ ብምግባር ርእሰ መደበር ሰራዊት ሮማ ገበራ። ግሪኻዊ ደሞክራሲ ብሮማዊ ሕጊ ተክአ።

ኣንጾክያ ናይ ጵስዲያ፡ ኣብ ጵፍሒ 1097 ሜትሮ (3600 ft) እትርከብ ከተማ፡ ኣብ 1833 በቲ ተቐቢሩ ዝተረኽበ ቀጸላታት ተለልየትን ተረኽበትን። መጽናዕቲ ጥንታዊ ነገራት (Archeology) ነቲ ናይ ሃዋርያ ጳውሎስ መገሻታት ምስቲ ዝተኻየደ ምስፍሕፋሕ ዕዮ ወንጌል ኣተሓሒዙን ኣዛሚዱን፡ ጥጡሕ ባይታ ታሪኻዊ መረዳእታ ኣበራቢሩ እዩ። ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታት (Decades) ብስነ-ጥንታዊ (Archeological) ዝተረኽበ ታሪኽ ሓዲሽ ኪዳን፡ ማሕበራዊ ህይወት ናይቲ ቀዳማይ ዘመን ዝነበረ ህዝቢ ከመይ ከም ዝነበረ ብዙሕ ሓቅታት ዘሎም ነጸበራቕን ጭብጥታትን ክህበና ኽኢሉ እዩ። ንኣብነት ናይ ጳንጥዮስ ጲላጦስን (Pontius Pilate) ከምኡ'ውን ናይቲ ሊቀ ካህናት ዮሴፍ ቐያፋ (Joseph Caiaphas)፡ ስሞም ዝሓዘለ ቅርጺ-ጽሑፍ (inscriptions) ክርከብ ተኻኢሉ እዩ። ከምኡ'ውን ሃዋርያ ጳውሎስ ዝበጽሖን ከተማታት ህላውነተን ተረጋጊጹ እዩ። ኣብቲ ብምፍሓር ዝተረኽበ ታሪኻዊ ቃርሳታት ብምምርኳስ፡ እቲ ሽዑ ዝነበረ ህዝቢ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ዓይነት ካይላ (Pottery): ዝኸደኖ ዝነበረ ልብሲ (Robes): ዝገብሮ ዝነበረ ጥላም (Sandals): ኣብ ባሕሪ ገሊላ ዝጥቀመለን ዝነበረ ጃላቡ ብምርካብ፡ ዕምቆት ዝሓዘለ ታሪኻዊ ርድኢት ከፍርን ክፈጥርን ኣኽኢሉ እዩ። እዚ ስነ-ጥንታዊ ምርምር ኣብ ከባቢ ቱርክን፥ ግሪኽን፥ ጥልያንን፥ ከምኡ ድማ ፍልስጤን ዘጠቓለለ እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስን በርናባስን ካብ ጴርጌ ንሰሜን ገጾም በቲ ታውሮስ ዝብሃል ጎቦታት ኣቢሎም ድሕሪ ናይ 8 መዓልቲ ዝውድእ ጉዕዞ፡ ናይ 161 ኪ.ሜ. ርሕቀት ንከተማ ኣንጾክያ ናይ ጵሲድያ (Antioch, Pisidia) መጹ። ድሕሪ ኣብ ኣንጾክያ ምእታዎም፡ ብመዓልቲ ሰንበት ኣብ ቤት ጸሎት ኣትዮም ሰበኹ። ስብከት ሃዋርያ ጳውሎስ ከኣ ዓቢ ተቐባልነት ስለ ዝረኸበ፡ በታ ኻልኤይቲ ሰንበት ዳርጋ ኵላ እታ ከተማ ንቓል ኣምላኽ ክትሰምዕ ተኣከበት። *"ኣይሁድ ነቲ እኩብ ሰብ ምስ ረኣዩ፡ ቅንኣት መልኦም፡ እናተኸራኸሩን እናተጻረፉን ከኣ በቲ ጳውሎስ ዝበሎ ቓል ተኻትዑ።"* (ግብ 13፡ 44-45)

ጳውሎስን በርናባሳን ድማ ነቶም ኣይሁድ ከምዚ ክብሉ መልሲ ሃብዎም፡ *"ቃል ኣምላኽ ቅድም ንኣኻትኩም ኪንገር ይግባእ ነይሩ፡ ካብ ደፋእኩምዎን፡ ንናይ ዘለኣለም ህይወት ብቑዓት ከም ዘይኮንኩም ከኣ፡ ብርእስኹም ካብ ፈረድኩምንከ፡ እግዚኣብሄር፤ ክሳዕ ወሰን ምድሪ ንምድሓን ምእንቲ ኽትከውን፡ ነህዛብ ብርሃን ገበርኩኻ፡ ኢሉ ኣዚዙና እዩ እሞ፡ (ኢሳያስ 49፡6) እንሆ፡ ገጽና ናብ ኣህዛብ ንመልስ ኣሎና። ኣህዛብ ከኣ እዚ ሰሚዖም ተሓጎሱ፡ ንቓል ኣምላኽ ድማ ኣመስገኑ። እቶም ንህይወት ዘለኣለም እተመደቡ ዘበሉ ዅላቶምውን ኣመኑ። ቃል እግዚኣብሄር ናብ ዅላ እታ ሃገር በጽሐ።"* (ግብ 13፡ 46-49) በዚ ኸኣ እቶም ሃዋርያት ብዙሓት ጽርኣውያን ናብ እምነት ኣምጽኡ። እቶም እምነተ-ደረቕ ዝኾኑ ኣይሁድ በዚ ፍሬ ጳውሎስን በርናባስን ዝረኸብዎ ስለ ዘይተሓጎሱ፡ ምጽብኦም ጥርዚ ወቕዔ። ጳውሎስ ከኣ ነቲ ካብ ነዊሕ ዘመን ጀሚሮም ዝገብርዎ ዝነበሩ ጻዕሪ ምልዋጥ ኣህዛብ ኣብ ኣይሁዱነት፡ ከም ዘዳኸሞ ኲይኑ ስለ ዝተሰምዮም፡ ካብኡ ሓሊፉ ከኣ ነቲ ከም ገበነኛ ዝፈረድዎ የሱስ ክርስቶስ ከም መሲህን መድሓኒን ብምቕራቡን ምስባኹን፡ ከምኡ'ውን ድሕነት ብጽድቂን ጸጋኡን እምበር ብሕጊ ከም ዘይኮነ ንግሪኻውያን ብምርድኡ፡ ቅንኦም ንላዕሊ ገንፈለ። በዚ ከኣ ዓበይቲ ዓዲ ኣለዓዒሎም ኣብ ልዕሊ ጳውሎስን በርናባስን ስደት ኣልዓሉ፡ ካብቲ ወረዳ ከም ዝስጐጉ ከኣ ገበሩ።

ጳውሎስን በርናባስን ከኣ ናብ ኢቆንዮም (Iconium)፡ ኣብዚ እዋን እዚ ብኮንያ (Konya) ዝብል ስም እትጽዋዕ ርእሰ ከተማ ናይ ሓደ ኣውራጃ ቱርኪ ከዱ። ዓቢ ጽርግያ ካብ ሶርያ ንኤፈሶን ካብኡ ኸኣ ንሮማ ዘብጽሕ ብኢቆንዮም ስለ ዝሓልፍ ዝነበረ፡ ነታ ከተማ ኣገዳሲት ማዕከን ናይ ንግዲ ክትከውን ኣኽኣላ። ከምኡ'ውን ብዙሓት ወሓዝቲ ስለ ዝነበሩዋ በብዓይነቱ ፍሬታት እተፍርን፡ ብርኩት ናይ እኽሊ (ግራውቲ ስርናይን እንጣጢዕን) እቶት ዝነበራ ከተማ እያ።

ተቐማጦ ኢቆንዮም መበቆሎም ፍርጋውያን (Phrygian) ብዜግነቶምን ትውልዶም ምስ ናይ ጥንቲ ቱሮጃውያን (Trojan-Greeks) ከም ዝዛመዱ እዮም ዝኣምኑ ነይሮም። ኣብቲ ንመጀመርያ ግዜ ጴጥሮስ ዝሰበኸሉ መዓልቲ መንፈስ ቅዱስ፡ ክሳዕ 3,000 ህዝቢ ክርስትና ተቐበሉሉ እዋን፡ ገለ ኣይሁድ ደቂ ፍርግያ (Phyrgia)፡ ከምኡ'ውን ኣብ እምነት ኣይሁድነት ዝለወጡ ጽርኣውያን ተኻፈሎም ነይሮም እዮም። በዚ ኸኣ ወንጌል ናብቲ ዙርያይ ቦትኦም ንምስፋሕ ኣኽእሎ ረኺቡ ነይሩ እዩ። (ግብ 2፡ 5-11)

ጳውሎስን በርናባስን ኣብ ኢቆንዩም ንውሕ ዝበለ ወርሓት ብምጽናሕ፡ ብዙሓት ኣመንቲ ክርስቶስ ኣፍረዩ። ግዜ እናሓለፈ ብዝኸደ ግን እቶም ኣይሁድነት ብደምሪ ዝስዕቡዎ ዝነበሩ ዘይኣመኑ ኣይሁድ፡ ኣንጻር ሃዋርያት ህዝቢ ክነዓዕቡ ጀመሩ። ንሳቶም ብዝፈጠሩዎ ዋዕዋዕታን ሕንፍሽፍሽን ከኣ ደቂ እታ ከተማ ኣብ ክልተ ተመቐሉ፡ ገሊኦም ምስ ኣይሁድ፡ ገሊኦም ድማ ምስ ሃዋርያት ኰኑ። ጳውሎስን በርናባስን ድማ ኣብ ልዕሊኦም ናይ ዳርባ እምኒ ውዲት ከም ዝኣለሙ ስለ ዝፈለጡ ናብ ከተማታት ሊቅኦንያ ናብ ልስጥራን ደርቤንን ሃደሙ።

ኣብ ልስጥራ ጳውሎስን በርናባስን ወንጌል ሰበኹ። *“ሓደ ሰብኣይ፡ ኣእጋሩ ዝሞተ፡ ካብ ከርሲ ኣዲኡ ጀሚሩ ዝማህመነ፡ ተዛዊሩ እኳ ዘይፈልጥ፡ ኣብ ልስጥራ ተቐሚጡ ነበረ። ንሱ ጳውሎስ ክዛረብ ከሎ ሰምዔ። ጳውሎስ ድማ ተኸሪ ጠመቶ እሞ ክሓዊ እምነት ከም ዘላቶ ምስ ረአየ፡ ድምጹ ዓው ኣቢሉ፡ ‘ትኽ ኢልካ በእጋርካ ደው በል በሎ’። ብድድ ኢሉ ኸኣ ተዛወረ።” (ግብ 14፡ 8-10) እቶም ህዝቢ ጳውሎስ ዝገበሮ ምስ ረኣዩ፡ ድምጾም ዓው ኣቢሎም ብዘረባ ሊቃኦንያ፡ ‘ኣማልኽቲ ብኣርኣያ ሰብ ናባና ወሪዶም በሉ።’ (ግብ 14፡11) ብስም ጣኦታቶም ድማ፡ ንበርናባስ ድያ (Jupiter—Zeus) በልዎ። ንጳውሎስ ድማ፡ መራሕ ዘረባ ስለ ዝኾነ፡ ሄርሜስ (Mercury— Hermes) በልዎ። (ግብ 14፡12) ካህን እቲ ኣብ መንጽር ከተማ ዝነበረ መቕደስ ድያ ድማ ኣቡዑርን ኣኽሊላትን ዕምባባን ናብቲ ደጌታት ኣምጺኡ ምስቶም ሰብ ኰይኑ ኺሰውኣሎም ደለየ። (ግብ 14፡13) ግናኸ ጳውሎስን በርናባስን፡ እዚ ምስ ሰምዑ፡ ክዳውንቶም ቀደዱ፡ እናጨደሩ ኸኣ ናብቶም ህዝቢ ጐየዩ፡ - እናበሉ፡ “ኣቱም ሰብ፡ ንምንታይ እዚ ነገርዚ እትገብሩ፡ ንሕና ድማ ኸማኻትኩም ዝፍጥረትና ሰብ ኢና። ካብዚ ኸንቱ ነገር ናብቲ ሰማይን ምድርን ባሕርን ኣባታቶም ዘሎው ኹሎም ዝፈጠረ ህያው ኣምላኽ ክትምለሱ ነበስርኩም ኣሎና።” በልዎም።*

እቶም ተጻባእቲ ኣይሁድ ናይ ኣንጾክያን ኢቆንዩምን ዕላምኦም ገና ንክልቲኦም ሃዋርያትን ትምህርቶምን ንምጥፋእ ስለ ዝነበረ፡ ደድሕሪኦም ንልስጥራ ሰዓብዎም። እዞም ተቐናቐንቲ፡ ቀስቀስቲ ነገር ዝኾኑ ኣይሁዳውያን፡ ብዝኾነ መገዲ ወንጌል ንኸይስበኽ ብነድሪ ጠጠው ከብልዎ ዓጢቖም ተንሲኦም ስለ ዝነበሩ፡ ንህዝቢ ሊስጥራ ሓባቢሎም፡ ሃዋርያ ጳውሎስ ንሃይማኖቶም ከዕኑ ዝተበገሰ ሰብ ምዃኑ ብስሚዒት ኣእመንዎም። በዚ ኸኣ ነቲ ቅጥዒ ዘይብሉ ጭፍራ ሓፋሽ ህዝቢ (mob) ኣላዓዒሎም ናይ ዳርባ እምኒ ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ ሃዋርያ ጳውሎስ ከም ዝውሰድ ገበሩ። ድሕሪ እዚ ጳውሎስ መይቱ እዩ ኢሎም ጎቲቶም ኣብቲ ኣፍ ደገ ዓቢ ማዕጾ ናይታ ከተማ ገደፍዎ። እቶም ናብ ክርስትና ዝተለወጡ ደቂ መዝሙር ተስፋ ብምቑራጽ ጠጠው ኢሎም ነበሩ። ግን ሃዋርያ ጳውሎስ ብድንገት ሃለዋቱ ተመልሰ፡ እቲ ጓሂ ኸኣ ኣብ ዓቢ ሓጐስ ተለወጠ። ስለዚ ኩሎም እናተሓጐሱ ናብ ከተማ ተመልሱ።

ንጽባሒቱ ሃዋርያ ጳውሎስን በርናባስን ገለ 64 ኪ.ሜ. (40 ማይልስ) ዝርሕቀታ፡ ደቡባዊ ምብራቕ ሸነኽ ናይ ሊስጥራ እትርከብ ከተማ ደርበ ተበገሱ። ኣብ ደርበ ኸኣ ወንጌል ሰበኹ። ከምኡ'ውን ከምቲ ኣብ ኩሉ ቦታታትን ከተማታትን ዝገብርዎ ዝነበሩ፡ ቤተ ክርስትያን ተኸሉ።

ኣብ መወዳእታ ድሕሪ 3 ዓመት ናይ 966 ኪ.ሜ. (600 ማይልስ) ጉዕዞ፡ በቲ ዝመጽዎ መገዲ ብሊስጥራ፣ ኢቆኑዩም፣ ጲስድያ ኣንጽዮክ፣ ጴርጌ ኣቢሎም፡ ናብታ መገሸኦም ዝጀመሩላ ከተማ ኣንጽዮክ ናይ ሶርያ ተመልሱ። ንቤተ ክርስትያን ኣንጽዮክ ድማ ቀዳማይ ምስዮናዊ ዕዮኦም ክንደይ ዕዉት ከም ዝነበረ ጸብጻብ ኣቕረቡላ። ***“ናብኣ ምስ በጽሑ፡ ንማሕበር ኣኪቦም፡ ኣምላኽ ዝገበሮሎም ኵሉን ንኣህዛብ ከኣ ደገ እምነት ከም ዝኸፈቶሎምን፡ ኣዘንተውሎም።”*** (ግብ 14፡27)

ይቕጽል…

እስጢፋኖስ ተኣምራት
ወ.ሉ.ቤ.ክ. ህዩስቶን

## መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሕቶታት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ፡
ወርሒ መስከረም 2011 ዓ.ም.

1. ዘዳግም 25፡ 4 “ ኣፍ እቲ ዘ'ክይድ ብዕራይ ኣይትእስር፡”
2. መዝ. ዳዊት 117፡ 1 “ ኩሉ'ኹም ኣህዛብ ንእግዚኣብሄር ኣመስግኑ፡ ኩሉ'ኹም ህዝብታት ወድስዎ፡”
3. መዝ. ዳዊት 2፡ 7 “ ንስ'ኻ ወደይ ኢ'ኻ፡ ኣነ ሎሚ ወለድኩ'ኻ፡”
4. ኤርምያስ 31፡1 “ ኣነ ኣምላኽ ኩላቶም ዓሌት እስራኤል ኪ'ኸውን እየ፡ ንሳቶም ድማ ህዝበይ ኪ'ኾኑ እዮም፡”
5. መዝ. ዳዊት 14፡ 3 “ ኩላቶም ዘምቢሎም፡ ብዘለዉ ኩላቶም ረ'ኺሶም፡”
6. ትንቢት ሆሴእ 13፡14 “ ኣታ ሞት ፊራ'ኻ ኣበይ ኣሎ? ኣታ ሲኦልከ ጥፍኣትካ ኣበይ ኣሎ?”
7. ትንቢት እምባቆም 2፡ 4 “ ጻድ'ቕ ግን ብእምነቱ ይነብር።”
8. ትንቢት ኢሳይያስ 28፡ 16 “ ብእኡ ዚኣምን ኣይኪሃድምን እዩ፡”
9. መዝ. ዳዊት 44፡ 22 “ምእንታ'ኻ ምሉእ መዓልቲ ን'ቕተል ኣሎና፡”
10. እዮብ 5፡ 13 “ ንጠቢባን ብጒርሖም ይሕዞም፡ ንም'ኽሪ ጠዋያት ከኣ ይዝርዝሮ፡”

## ሕቶታት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ
ወርሒ ታሕሳስ 2011 ዓ>ም.
ብመም. ትበርህ ኣማኑኤል።

1. ጐልያድ ብዳዊት ኪ'ቕተል ከሎ፡ እንታይ ዓይነት ብረት ሒዙ ነበረ? (1ይ ሳሙ. 17-__)
2. እተን ኣብ ራእይ ዮሃንስ ዝተጠ'ቕሳ 12 ደጌታት፡ ብምንታይ እተሰለማ ነበራ? (ራእይ ዮሃ. 21፡__)
3. ንኢዛበል ሰበይቱ ክትኰኖ ዝወሰዳ ንጉስ እስራኤል መን ይበሃል? 1ይ ነገስት 16፡__)
4. ነብዩ ዳኒኤል ንኣምላኽ ጥራይ ስለ ዝኣመነ፡ እቲ ንጉስ ኣበይ ደርበዮ? (ዳኒ 16፡__)
5. ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ 3000 ምስላታትን፡ 1500 መዛሙራትን ዝጸሓፈ መን ይበሃል? (1ይ ነገስት 4፡__)
6. ካህን ኣሮን፡ (ሓው ሙሴ) ኣበይ ተቐብረ? (ዘዳግም 10፡__)
7. ሳሙኤል፡ ነቲ ኣብ መንጎ ሚጽጳንን ሼንንን ዘንበሮ እምኒ፡ እንታይ ኢሉ ሰመዮ? ስለምንታይ'ከ እዩ ከምኡ ዝበሎ? (1ይ ሳሙ. 7፡__)
8. እታ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ፡ ኣብ እስራኤል፡ ገዛኢ ዚ'ኸውን ካባ'ኺ ኪወጽእ እዩ እተባህላ ዓዲ፡ መን ትበሃል? (ሚክያስ 5፡__)
9. ድሌትና ዘበለ 'ኹሉ፡ ከይተጨነ'ቕና ብ'ኸመይ ኢና ክንረ'ክቦ እን'ክእል? (ፊሊጲ 4፡__)

10. ብቓልን ብልሳንን ዘይኮንስ፡ ብ'ኸመይ ክንፋቐር እዩ ዚምዕደና? (1ይ ዮሃንስ 3፡__)

## ምልክታ ንዝኸበርኩም ኣንበብቲ ቃል ጸጋ።

ኣቐዲምና፥ "ካብ እግዚእብሄር ኣቦናን፥ ካብ ጐይታን የሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ንኣኻትኩም ይኹን እናበልና ሰላምታና ነቕርበልኩም። መጽሄትና፥ ብሳላ ጸሎትኩምን፥ ጽቡቕ ምንዮትኩምን፥ ንዋታውን ሞራላዊ ደገፍኩምን፥ ብጽቡቕ ትቕጽል ኣላ። ኣብ ዓመት ኣርባዕተ ግዜ እናተሓትመት፥ ብሓይሊ ኣምላኽ፥ እንሆ ዓሰርተ ዓመታ ኾይኑ።
ከምቲ ኩሉ ግዜ እነመልክቶ፥ ዝኾነ እትህቡዎ ሓገዝ፥ ብስም ወንጌላዊት ሉተራዊት ቤት ክርስትያን፥ ሰሜን ኣሜሪካ፥ (E.E.L.M.S) ኢልኩም፥ ብቸክ ወይ ብማኒ ኦርደር፥ ናብ ኣድራሻ ቃል ጸጋ ክትሰዱዎ ንላቦ። "ኣምላኽ ሕጉስ ወሃቢ እዩ ዚፈቱ እሞ፥ ነፍሲ ወከፍ ብጓሂ ወይ ብግዲ ዘይኰነስ፥ ከምቲ ብልቡ ዝሓለኖ ይሃብ።" 2ይ ቆረንቶስ 9፥ 7 ።
ኣድራሻ ክትልውጡ ከሎኹም፥ እቲ ሓዲሽ ኣድራሻኩም ብቕልጡፍ ከተፍልጡና ኽኣ ሓደራ ንብል።

ኣካየድቲ ቃል ጸጋ።

መም. መለስ ሳህለ።　　　　ቀሺ ክብርኣብ ይስሃቅ።
ኣቶ ኤደን ምስግና።　　　　ኣቶ በረኸት ሰዓረ።

Kal Tsega
(Word of Grace)

**Kal Tsega is a quarterly newsletter published by the Eritrean Evangelical Lutheran Church in North America. The purpose of this publication is to edify and nourish Eritrean Christians in North America and around the world with the Word of God which is found in the saving act of Grace through the saving act of our Lord and Saviour Jesus Christ. "For by grace you have been saved through faith, and that not of yourselves; it is the gift of God, not of works, lest anyone should boast." Ephesians 2:8-9.**




Kal Tsega
6151 Dryad Dr.
Houston, TX. 77035

**ናብ ቤት እግዚኣብሀር ንኺድ ምስ በሉኒ ተሓጎስኩ**

